# ጨረታ ሊዝ ቑፅሪ 37

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ከተማ መቐለ ብውሳነ ካቢኔ ከተማ መቐለ መሰረት ናይ ከተማ ቦታ ብሊዝ ንምሓዝ ብዝወፀ ደንቢ ሊዝ ቁፅሪ 62/2002 መሰረት ንንግዲ፣ ንመንበሪ፣ ንኣሙዝመንት ፓርክ፣ ንከተማ ሕርሻ፣ ንቤት ትምህርትን፣ ንመኽዘን ግልጋሎት ዝውዕሉ 212 ቦታታት ኣብ ከባብያዊ ምምሕዳር ዓዲ ሓቂ፣ ሓወልቲ፣ ዓይደር፣ ሓድነት፣ ሰሜንን ኲሓን ኣዳልዩ ብሊዝ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይድሊ።

## መተሓሳሰቢ

1. ንጨረታ ዝቐረቡ ቦታታት ዝርዝር መግለፂ ዝምልከት ኣብ ኩለን ቤት ፅሕፈት ከባብያዊ ግልጋሎት፣ ኣዋሽ ባርን ሬስቶራንትን፣ ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ከተማ መቐለ፣ ንሊዝ ግልጋሎት ጥራሕ ኣብ ዝተዳለወ መለጠፊ ምልክታ ከምኡውን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ከተማ መቐለ http://www.mekelleadministration.gov.et/ ምርኣይ ይከኣል።

2. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ከተማ መቐለ እቶት ክፍሊ ብምቕራብ ካብ ሚያዝያ 24/2004 ዓ/ም ክሳብ ግንቦት 02/2004 ዓ/ም ኣብ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ብር 150.00 /ሓደ ሚኢቲን ሓምሳን ብር/ እናኸፈልኩም ምግዛእ ትኽእሉ ምዃንኩም እናገለፅና እቲ ጨረታ ሓሙስ ግንቦት 02/2004 ሰዓት 11:00 ተዓፅዩ ዓርቢ ግንቦት 03/2004 ዓ/ም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ንጉሆ ሰዓት 3:00 ኣብ ኣደራሽ ቤት ፅሕሕፈት ዋና ግልጋሎት ከተማ መቐለ ይኽፈት።

3. ተጫረቲ መኽበሪ ጨረታ 1% ብሲፒኦ ጥራሕ ክቕርቡ ኣለዎም

4. ተጫረቲ ካብቲ ናይ ቦታ መርኣይ ሳይት ፕላን ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ብምምራፅ ናይ ዝወዳደርሉ ቦታ ቁፅሪ /ኮድ/፣ ስፍሓት ብሜ2፣ ንሓደ ሜ2 ዝኸፍልዎ መጠን ገንዘብ፣ ክኸፍልዎ ዝወሰንዎ ጠቕላላ ዋጋ ሊዝ፣ ክኸፍልዎ ዝወሰንዎ ቅድመ ኽፍሊት (ብሚኢታዊን /%/ ብመጠን ገንዘብን)፣ ዝተረፈ ክፍሊት ዘጠናቕቕሉ ዘመን (ዓመት)፣ ከምኡ'ውን ዓመታዊ ኽፍሊቶም ብምግላፅ ኣብ ዝገዝእዎ ሰነድ ባዕሎም ክመልኡ ይግባእ።

5. ተጫረቲ ናይ ቀበሌ መለለዩ ካርድ ፎቶ ኮፒ፣ ናይ ቦታ ሓበሬታ ሳይት ፕላን ፣ ጨረታ ሰነድ ዝገዝእሉ ኦርጅናል ደረሰኝ/ፃዕዳ/፣ ዘትሓዝዎ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ናይ ጨረታ

መኸበሪ ሲፒኦን ብኣግባቡ ዝተመልአ ናይ ጨረታ ሰነድን ኣተሓሒዞም ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ብምግባር ካብ ዕለት 24/08/2008 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 02/09/2004 ዓ/ም ጥራሕ ኣብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ክእትዉ ይግባእ።

6. ብተወሳኺ ተጫረቲ ኣብ ርእሲ እቲ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ /ፖስታ/ ሙሉእ ሽሞምን ናይቲ መሪፆም ዝወዳደርሉ ቦታ ኮድን ክፅሕፉ ኣለዎም።

7. ኩሉ ዓመታዊ ኽፍሊት ሊዝ ምስ ወለዱ ዝኽፈል እዩ።

8. ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንትረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልው እዩ።

9. ዘመን ግልጋሎት ብዓይነት

- ንንግዲ /ድርጅት/ ንኣሙዝመንት ፓርክ፣ መኽዘን ግልጋሎት ዝውዕሉ ቦታታት ናይ ሊዝ ዘመኖም 70 ዓመት እንትኸውን ዝነውሐ መኽፈሊ እዋን ድማ 50 ዓመት እዩ፣
- ንመንበሪ ዝተዳለዉ ቦታታት ናይ ግልጋሎት ዘመኖም 99 ዓመት እንትኸውን ዝነውሐ መኽፈሊ እዋን ድማ 90 ዓመት እዩ፣
- ንከተማ ሕርሻ ዝተዳለዉ ቦታታት ናይ ግልጋሎት ዘመኖም 15 ዓመት እንትኸውን ዝነውሐ መኽፈሊ እዋን ድማ 15 ዓመት እዩ፣
- ንቤት ትምህርቲ ዝተዳለዉ ቦታታት ናይ ግልጋሎት ዘመኖም 99 ዓመት እንትኸውን ዝነውሐ መኽፈሊ እዋን ድማ 50 እዩ።

10. ኣገዳሲ ሓበሬታ ስርዓት ውድድር ጨረታ ሊዝ

1. ንፈለማ ግዜ ዝወፀ ጨረታ ትሕቲ 3 ተወዳደርቲ እንተቐሪቦም እቲ ጨረታ ይስረዝ ንካልኣይ ግዜ እንትወፅእ ግን ግቡኡ ዘማልአ ሓደ ተጫራታይ ክስዕር ይኽእል'ዩ።

2. ኣብዚ ጨረታ ተዓወትቲ ንምውሳን እዞም ዝስዕቡ መመዘኒ ነጥብታት ይምዘኑ ፡-

ሀ. ነንሕድሕዱ ቦታ መበገሲ ዋጋ ዝተቐመጠሉ ኮይኑ ብተወዳደርቲ ዝቐረበ ናይ ሓደ ሜ$^2$ ነፀላ ዋጋ 80% ይምዘን፣

ለ. ንኹሉ ዓይነት ግልጋሎት ቅድመ ክፍሊት መበገሲ 20% ኮይኑ ብተወዳደርቲ ዝቐረበ ቅድመ ክፍሊት10% ይምዘን፣

ሐ. ድሕሪ ቅድመ ክፍሊት ዝተረፈ ክፍሊት ዝኽፈለሉ ዓመት/እዋን ኣብ ዝሸየጥ ሰነድ ዝተቐሰ ኮይኑ ብተወዳደርቲ ዝቐረበ መኽፈሊ ዓመት/እዋን 10% ይምዘን።

ኣብነት

ንንግዲ ግልጋሎት ኣብ ዝቐረበ ቦታ ሰለስተ ሰባት ተወዳዲሮም ኣለዉ። ናይዚ ቦታ መበገሲ ዋጋ ብር 1248.00፣ ዝነውሐ ናይ ሊዝ መኽፈሊ ዘመን 50 ዓመት፣ ዝነኣሰ ቅድመ ክፍሊት ድማ 20% እዩ። ሰለስቲኦም ሰባት ዘቕረብዎ ዋጋ፣ መኽፈሊ እዋንን ቅድመ ክፍሊትን ከምዝስዕብ ይመስል።

| ተጫራቲ | መበገሲ ዋጋ | ቅድመ ፍሊት | መኽፈሊ ዘመን |
|---|---|---|---|
| ገብረ | 1300 | 50% | 40 |
| ናስር | 1500 | 40% | 20 |
| ሰማይ ኩባንያ | 1400 | 30% | 10 |

ብመሰረት መምርሒ ሊዝ መበገሲ ዋጋ ብ 80% እንትምዘን ቅድመ ክፍሊትን መኽፈሊ ዘመንን ድማ ሕድሕዶም ብ10% ይምዘኑ። ስለዚ ብመስርሕ ጨረታ ሊዝ ውፅኢቶም ከምዝስዕብ ይፅብፀብ፡-

1. ፀብፃብ ዝለዓለ መግዝኢ ዋጋ

ገብረ (1300 ÷1500) X 80 = 69.3

ናስር (1500 ÷1500) X 80 = 80

ሰማይ ኩባንያ(1400 ÷1500)X80 = 74.7

2. ፀብፃብ ዝለዓለ ቅድመ ክፍሊት

ገብረ (50 ÷50) X 10 = 10

ናስር (40 ÷50) X 10 = 8

ሰማይ ኩባንያ(30 ÷50) X 10 = 6

3. ፀብፃብ ዝሓፀረ መኽፈሊ ዘመን

ገብረ (10 ÷40) X 10 = 2.5

ናስር (10 ÷20) X 10 = 5

ሰማይ ኩባንያ(10 ÷10) X 10 = 10

ስለዚ ኣብ ሰለስቲኡ ዝተረኽበ ውፅኢት ብምድማር ጥቕሉል ሰዓራይ ይንፀር፡-

| ተጫራቲ | መበገሲ ዋጋ (80%) | ቅድመ ፍሊት (10%) | መኽፈሊ ዘመን (10%) | ጠቕላላ ውፅኢት (100%) |
|---|---|---|---|---|
| ገብረ | 69.3 | 10 | 2.5 | 81.8 |
| ናስር | 80 | 8 | 5 | 93 |
| ሰማይ ኩባንያ | 74.7 | 6 | 10 | 90.7 |

ንንግዲ ዝተዳለወ ቦታ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ናስር ቀዳማይ ኮይኑ ዝሰዓረ እንትኾን ሰማይ ኩባንያን ገብረን ብቕደም ሰዓብ ካልኣይን ሳልሳይን ኮይኖም።

እዚ ኣብነት ተጠቒምኩም ክትወዳደሩ እናሓበርና ዕቡቕ ዕድል ንምነየልኩም።

*ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቑፅሪ 0344-41-07-65 ደዊልኩም ርኸቡና።*